## ደምዳሚ መግለጺ
## 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ
## ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ

2-6.04.07

ፈጻሚ ሽማግለ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ 2 ክሳዕ 6 ሚያዝያ 2007፡ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ብምክያድ፡ ንኹሉቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ኮነ ኣብ ከባቢና፡ ከምኡውን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርኣዩ ዘለው ሓደስቲ ምዕባሌታት ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣሕሊፉ፤ ናይ መጻኢ መድረኽ መደብ ዕዮታት እውን ኣጽዲቑ።

ስርዓት ኤርትራ ኣብ እዋን ዕርበቱ እኳ ይሃሉ'ምበር፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውርዶ ዘሎ ግፍዒ እናግደዶ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዳይ እውን ሽግራት እናጻሕተረ ዝጎዓዝ ዘሎ ስርዓት ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ናይ ኩሉቲ ደሞክራስን ሰላምን ዘገድሶ ሓይልታት ምትሕብባር ከም ዘድሊ፣ ንውድቀቱ ዘቀላጥፍ ስጉምታት ንኽውሰድ ድማ፡ ተራ ውድብ ክዓዝዝ ከም ዘለዎ ኣስሚሩ። ነቲ ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ውግእ ከይተባርዐ ኣይተረፍን'ዩ ዝብል ብዝተፈላለየ ዓንኬላት ዝነፍስ ዘሎ ወረ ኣመልኪቱ፡ ሰውራዊ ባይቶ፡ ውግእ መፍትሒ ኣይኮነን ካብ ዝብል መትከላዊ እምነቱ ተበጊሱ፡ እቲ ሽግር ብልዝብን ብሰላማዊ ኣገባብን ክፍታሕ ይጽውዕ። ኣህጉራውን ዞባውን ፈተውቲ ህዝብና ድማ ንተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ዘሐይል ወሳኒ ደገፍ ከብርክቱ ዝግባእ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ፈጻሚ ሽማግለ: ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ቻርተር ምጽዳቕ ምስምማዕ ኣብ ኣመራርሓ ድማ ተፈላልዩ ምውጻኡ፡ ዘመዝገቦም ኣወንታውን ኣሉታውን ውጽኢታት መዚኑ። ኪዳን ፍልልያቱ ጸጊኑ ብሓደ መሪሕነት ክወጽእ ዘይምኽኣሉ፣ ብፈተውቲ ሃገራት ዝተገብረ ፈተነታት እውን ዘይምዕዋቱ ኣሕዛኒ እኳ ይኹን'ምበር፡ ብተግባር ዝተራእየ፣ ምናልባት'ውን ድሒሩ ክትኮስ ኣኻእሎ ዝነበሮ ሃለዋት ናይ ተቓውሞ ብምዃኑ፡ ከም መሪር ተመክሮ ክንቅበሎን፡ ከም ክልተ ወገናት ናይቲ ዝነበረ ኪዳን ድማ ብምውህሃድ ክንሰርሕን ከም ዝግባእ መዚኑ።

ከም ቀዳማይ ወገን ናይ ኪዳን (ኪዳን-1) ተፈሊጡ ብሓባር ክሰርሕ ጀሚሩ ዘሎ ሰለስተ ውድባት ማለት ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፡ ናይ ኩሉ'ቲ ዝወሰዶ መርገጻት መዐቀኒ፡ ኣብ ተግባራዊ ስራሕ ስለ ዝምዘን፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዙርያ ሃገራውን ደሞክራስያውን ምርጫታት ንኽዓስል ዘይሕለል፡ ስሩዕን ዝተጸንዐን ሓባራዊ ቃልሲ ከዕዝዝ ከም ዘለዎ ተገንዚቡ። ኣብ ውሽጢ ኪዳን ኮነ ወጻኢ ካብ ኪዳን፡ ሻራ ከይሓዙ ንምቅርራብ ክደፍኡ ዝጸንሑ፡ ሓይልታት ተቓውሞ ድማ ናብ'ቲ ወሳኒ ተራ ከመዝግብ ዝኽእል ፈለግ ናይ ተቓውሞ ኣበርክቶኦም ንኽጽንብሩ ጸዊዑ። ንካልኣይ ወገን ኪዳን (ኪዳን-2) ብዘርኢ፡ ኣብ ተቓውሞ ካብ ሃሎና፣ ሕጂ'ውን፡ ክልቲኡ ወገናት ብደረጃ ምውህሃድ መደባት ሰሪዑ ሓባራዊ ዕዮ ከካይድ ይጽውዕ። ብካዕባዊ ደረጃ ምስ ኣካላት ካልኣይ ወገን ርኽክባቱ ክቕጽል ከም ዝኾነ ድማ ኣረጋጊጹ።

ፈጻሚ ሽማግለ እቲ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ምምዝጋብ ዝምልከቶ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ብመላኡ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ተጠርኒፉ ከም ዘይጸንሐን ከም ዘየለን ብምግንዛብ፡ ንኹሉ ሓቛፊ ዝኾነ፡ ኣቓዲሙ ድማ ክለዓል ዝጸንሐ ጉዳይ ኤርትራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ሃገራዊ ዋዕላ) ሕጂ'ውን ህያው ጉዳይ ምዃኑ ኣድላዪ መጽናዕትታት ተወሲዱ ክትግበር ከም ዝግባእን ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ውድባዊ መዳይ ፈጻሚ ሽማግለ መጀመርያ ዝተመልከቶ ጉዳይ፡ ጥዕናን ሃለዋትን ውሽጣዊ ኩነታት ውድብ እዩ። ውድባዊ ሓድነትና ዝያዳ ስጡም፡ ኣሰራርሓና ዝያዳ ጽፉፍ፡ ውድባዊ

ኣበርክቶ እውን ከም ምስጉን ከም ዝነበረ መዚኑ። ነዚ ሃለዋት'ዚ ንምዕቃቡን ንምምዕባሉን ዝተዓጻጸፈ፡ ጸዓትን ተወፋይነትን ከንመዝግብ ከም ዘድልየና ድማ ኣረጋጊጹ።

ብመሰረት ውሳኔ ሻድሻይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኣብ ኣባላት ውድብ ጥራሕ ዘይተሓጽረ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ ንምምስራት ክካየድ ዝጸንሐ፡ ዕማም፡ ቀዳማይ መድረኽ፤ መድረኽ ሓበሬታን ድህሰሳን፤ ኣብ መደምደምታኡ ከም ዝበጽሐ፡ ብምግንዛብ፡ ናብ ካልኣይ መድረኽ ናይቲ ዕማም፡ መድረኽ ምምስራት ኮሚሽን ሰልፊ ንኽሰጋገር መደባት ሰርዐ።

ፈጻሚ ሽማግለ ንጉዳይ ስደኛታት ብሓፈሻ ኮነ ንጉዳይ እቶም ካብ ስርዓት ኤርትራ ኣምሊጦም ኣብ ስደት ንመከራ ተሳጢሖም ዘለዉ መንእሰያት ብዕቱብነት ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ ኣቐዲሙ ብብዙሓት ሸነኻት ክጸዓረሉ ዝጸንሐ ናይ ድሕነቶምን ተቀባልነቶምን ጉዳይ፡ ብዝዓዘዘ ክቕጽል ጸዊዑ።

ኣብ መደምደምታ፡ ፈጻሚ ሽማግለ ነቲ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኤርትራውያን ኣብ ኣውሮጳን ኢትዮጵያን ሱዳንን ጀሚሮምዎ ዘለዉ ናይ ነብሶም ሰሪዖም ምቅላስ ንጥፈታት ኣድኒቑን መጒሱን።

ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዝካየድ ቃልሲ ክዕወት ኢዩ!
ክብርን ዘለኣለማዊ ዝኽርን ንስውኣትና!

ፈጻሚ ሽማግለ
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
6 ሚያዝያ 2007